# SMITTSKYDDSBLAD

## Patientinformation

Latent tuberkulos när behandling ges

Översatt till tigrinja

Version 2020-07-24 (byt ut till aktuell version)

## ድጉል ዓባይ-ሰዓል - ሓበሬታ ንተሓከምቲ

**መከላኸሊ ሕክምና መዓስ ይወሃብ። ብሓኪም ምክልኻል-ለበዳ ዚወሃብ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ።**

### ዓባይ-ሰዓል ብኸመይ ይለግበካ?

ሓደ ኣብ ሳምቡኡ ባክተሪያ ዓባይ ሰዓል ዘሎዎ ሰብ ኣብ ውሽጢ ገዛ ኪስዕል ከሎ ንኻልኦት ሰባት ከልግበሎም ይኽእል እዩ። ኣብ ካልእ ኣካላትካ ዚርከብ ዓባይ-ሰዓልን ድጉል-ሰዓልን ግን ኣይለግብን እዩ። ኣብ ናይ ኮተቴ-ዕድመ ዘይበጽሑ ቆልዑ፥ ንሰብ ከልግቡሉ ልሙድ ነገር ኣይኮነን። እቲ ሓደጋ ምልባድ ዝዓበየ ዚኾነሉ ኣጋጣሚ፥ ኣብቲ ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ሓደ ክፍሊ ብሓባር ትጸንሓሉ እዋንዩ።

### ድጉል ዓባይ-ሰዓል እንታይ ማለት'ዩ?

ኵሎም ዝለገቦም ሰባት ብዓባይ-ሰዓል ይሓሙ'ዮም ማለት ኣይኮነን። ኣብ መብዛሕትኦም ሰባት፡ እቲ ኣካላዊ-መከላኸሊኦም፡ ንምፍራይ ናይቶም ባክቴሪያ ኪዓግቶ ይኽእል'ዩ። እቶም ባከቴሪያ ኣብ ኣካላትካ ኪህልዉ ይኽእሉ እዮም፥ ግን ድማ ንጡፋት ኣይኮኑን። **እዚ ሃለዋት'ዚ ድማ'ዩ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ዚበሃል።**

### ድጉል ዓባይ-ሰዓል ምህላው - ሕማም ኣይኮነን

ብድሕሪ ምርመራ-ደም (ኢግራ-ተስት) ወይ ምርመራ-ቆርበት (ቱበርኩሊን-ተስት) ምግባርካ፥ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ኣሎካ ተባሂልካ ምስ ትንገር፥ ዝኾነ ምልክት ሕማም ዓባይ-ሰዓል የብልካን። ንስኻ ውን ነቶም ባክቴሪያ እቲኦም ናብ ካልኦት ሰባት ክተሕልፍን ኣይትኽእል ኢኻ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ካልእ እዋን ናይ ህይወትካ ብዓባይ-ሰዓል ክትሓምም ትኽእል ኢኻ፥ እቲ ንኺጋጥመካ ዘሎ ሓደጋ ግን ጸቢብ እዩ።

### ኣብ ገለ ኵነታት ግን መከላኸሊ-ሕክምና ይወሃብ'ዩ

ገለ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ንኺሓሙ ኣብ ሓደጋ ዘሎዉ ሰባት፥ መከላኸሊ-ሕክምና ኪገብሩ ይዕደሙ ኣዮም። እዚ ድማ ቅድም-ቀዳድም ኣብ ጊዜ ጥንሲን ብድሕሪ ሕርሲን፥ ንቖልዑን መንእሰያትን ከምኡ ውን ነቶም ድኹም መከላኸሊ-ዓቕሚ ዘሎዎም ሰባት እዮም። ንኣብነት ኣብ ናይ ሕክምና ካንሰር ዘሎዉ ሰባት፥ ንሕክምና-ሽኮር ኢንሱሊን ዚወስዱን ከቢድ ናይ ኩላሊት ሕማም ንዘሎዎም ሰባትን እዩ። ኣብ ገለ እዋናት፡ ነቶም ሓድሽ መልከፍቲ ዓባይ-ሰዓል ዘጋጠሞም ሰባት ውን መከላኸሊ-ሕክምና ይወሃብ'ዩ።

### መከላኸሊ-ሕክምና ክትወስድ/ዲ ንመኽረካ/ኪ

ድጉሉ ዓባይ ሰዓል ኣሎካ/ኪ። ስለዚ ሓኪምካ መከላኸሊ-ሕክምና ክትወስድ ይመኽረካ/ኪ። እዚ ድማ፡ መታን ነቲ ንመጻኢ ጊዜ ብዓባይ-ሰዓል ንኽትሓምም ዘሎ ሓደጋ ንምንካይ እዩ።

ንመጻኢ እንተ ደኣ ንነዊሕ ጊዜ ዚጸንሕ ሰዓል (ካብ 3 ሰሙን ንላዕሊ) ኣጋጢሙካ፥ ለይተ-ለይቲ ኣርሂጹካ፡ ረስኒ ወይ ብዘይድሌትካ ምጉዳል-ሚዛን ኣጋጢሙካ ግን፥ መታን ምርመራ ዓባይ-ሰዓል ኪግበረልካ፥ ምስ ሓኪም ርክብ ክትገብር ይግብኣካ።

### ናይ ርክብ ሓበሬታ (Kontaktuppgifter)

ስም ናይ ክሊኒክ *(Namn på mottagningen)*

..................................................................................................................................

ዝረኸብካዮ ሰብ (Du har träffat)

...................................................................................................................... ሓኪም *(Läkare)*

...................................................................................................................... ነርስ *(Sjuksköterska)*

ቴሌፎን/ናብ ክሊኒክ ዚድወለሉ ሰዓታት *(Telefonnummer/telefontid till mottagningen)*

.......................................................................................................................................

SMITTSKYDD SKÅNE
040–33 71 8